ርእሲ ዓንቀጽ:

## እዋናዊ ምልዕዓል ሓርበኛታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ: መቐጸልታ ዝሓለፉ መስርሕ ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራን: ሕድሪ ስውኣትን'ዩ ።

ብሓልዮት ጉጅለ ደቀባት ኤርትራ 18 ታሕሳስ 2008 ዓ.ም.

ኣብ ሓደ ሃገርን ህዝብን መባእታዊ ዲሞክራስያን ፍትሕን ክሳብዘየለ: ቃልሲ ክቕጽል ባህርያዊን መጕታዊን'ዩ። ኣብ ኤርትራ ድማ እቲ መባእታዊ ዲሞክራስያዊ ሰብኣዊ መሰል ስለዝጐደለ: ህዝቢ ኤርትራ ወይ ሞት ወይ ህይወት ኢሉ ግድነት'ዩ ተቓውሞ ክቕጽል።

ካብ ሰልፊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓይልታትን ጀሚርና: ታሪኻዊ ተመክሮታት ቃልሲ ህዝባዊ ግንባር ኤርትራ እንተድኣ ተኻታቲልናዮ: እቶም ካብ እዋን "ኣዕናዊ ምንቅስቓስን" ቅድሚኡን ጀመሮም ብዉልቅን ብእኩብን መሰረታውያን ሕቶታት: ከልዕሉ ዝጸንሑ: ጀጋኑ ገዳይም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ'ዮም። ክይኑ ግን በቲ ስዉርን ሕሱምን ዓፋኒ-ጉጅለ ኢሰያስ: በብውልቀ "ብኽድዓትን ብብልሽውናን" ኲነይሉ ጸለመ እንዳተኻየደሎም: ክሳብ ሎሚ ክድስክሉን: ክጽልጸሉን: ክዕፈኑን: ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ክዳጐኑን: ኣብ ቅድሚ ሰራዊት'ውን ክቕንጸሉን ጸኒሖም'ዮም።

እቶም ቀዳሞት ጀጋኑ ኤርትራውያን ዝጀመሩዎ: ግንከአ ብሰንኪ ረቂቕ ስለላ-መርበብ ዝበርዓነ: ታሪኻዊ ተመክሮታት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ: ቀንዲ መንቀሊ ናይዚ "ሎሚ ፍኒሕኒሕ ይብል ኣሎ" እንዳተባህለ ዝውረየሉ ዘሎ ምንቅስቓስ ኣሃዱታት ሓይልታት ሰራዊት ኤርትራ እዩ። እስከ ብፍላይ ነቶም ዝሓለፉ መስርሕ ቃልስታት ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብሓፈሻ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንዝምልከት ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ንከታተለን:-

1. እቲ በቶም ሓርበኛታትን ለባማትን ኤርትራውያን ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ ብ1973 ዓ.ም. ኣብ ውሽጢ ህ.ሓ.ኤ.ዝተጀመረ በኸሪ ምንቅስቓስ ብኢሰያስ በርዒኑ። መሰረታዊ ፍታሕ ስለዘይተገብረሉ ግን: እቲ ራእዪ ካብ ኣእምሮ ሓርበኛታት ኣይተደምሰሰን።

2. ጸኒሑ ኣብ 1977 ዓ.ም. "ቃልሲ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ብከም'ዚ ሎሚ ዝጕዓዞ ዘሎ እንተድኣ ቀጺሉ: ውጽኢቱ ከኸስረና'ዩ ንኣርሞን መሰረታዊ ለውጢ ንግበረሉን" ኢሎም ዝተላዕሉ: ከም ብዓል ጅግናን ፈላስፋን ዶክቶር እዮብ ገብረልዑልን: መሓሪ ግርማጽዮንን ወዘተ..ዝርከብዎም: "የማናውያን" ተባሂሎም ድሕሪ ምውንጃል: ብትእዛዝ ኢሰያስ ኣፈወርቅ ተቐንጺሎም'ዮም። ምንቅስቓሶም ድማ ንግዚኡ በርዒኑ ተሪፉ። መዕለቢ ስለዘይተገብረሉ ግን እቲ ሕልሚ ክሳብ ሎሚ ኣይዓረፈን።

3. እቲ ብ1978 ዓ.ም. "ክዳዕ-መሪሕነት ሰውራ ኤርትራ" ዝብል ጭርሖ ሒዙ: ብጅግናን ፈላስፋን መንግስተኣብ ዝምራሕ ምንቅስቓስ ተማሃሮ ሰሜን ኣሜሪካ: ክባራዕ ምስ ጀመረ: በቶም ሎሚ መራሕቲ ኮይኖም ዘለውን: ሽዑ ግን ዓፈንትን ቀንጻልትን ዝነበሩ ኲራኽር ኢሰያስ በርዒኑ። መሰረታዊ ፍታሕ ስለዘይተገብረሉ ግን: እቲ ምንቅስቓስ ካብ ኣእመሮ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተሓከን።

4. ብ1993 ዓ.ም. ድሮ ረፈረንዱም ማለት'ዩ: ሓርበኛታት ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ: ኣብ ማእከል ኣስመራ ብሰላማዊ ሰልፊ መልክዕ: ህዝባዊ መንግስቲ ሕጂ ይተኸል! መብጽዓ ስውኣት ክትግበር! ኢሎም: ተባዕ ተቓውሞኦም ምስ ኣርኣዩ: ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ኢሰያስ: ብዙሓት ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጕኖም። ጸኒሖም ከአ ካብ 3500 ዝበዝሑ ጀጋኑ ኤርትራውያን ብስዉር ተረሺኖም። እዚ'ውን ዲሞክራስያዊ ፍታሕ ስለዘይተገብረሉ: በቶም ሓርበኛታት ደቂ-ሃገር ፈጺሙ ተረሲዑ ኣይተረፈን።

5. ብ1994 ዓ.ም. ተረፍ ባሩድን ዓረር ኮይኖም ሰንኪሎም: ካብ መስዋእቲ ዝደሓኑ ኣካለ-ስንኩላት ጀጋኑ ተጋደልቲ ማይሓባር: "መብጽዓ ስውኣት ይግሃስ ኣሎ: መሰረታዊ ለውጢ ሕጂ ንጠልብ ኣሎና!" ስለዝበሉ: ብጥይት ተቐሺምዶም። ኣብ'ዚ'ውን ኣውያቶም'ኳ ብኢሰያስ እንተዘይተሰምዔ: ጠለባቶም ግን ገና ኣብ ሕልና ሰራዊትን ህዝቢ ኤርትራን ሰሪጹ'ዩ።

6. ብ2001 ዓ.ም. መራሕቲ ወታሃደራትን ሚኒስተራትን "በገባብን ብዘተን ሽግር ህዝብና ንፍተሓዮ። ህንጻ-መንግስቲ ይተኣወጅን: ኣብ ግብሪ ይውዓልን: ስልጣን ድማ ንመንእሰይ ወለዶ ነረክቦ" ኢሎም ምስተላዕሉ: "እቲ ሓቂ ኣብ ፕረሲደንት ኢሰያስ ጥራይ ስለዝነበረ": ብትእዛዝ ኢሰያስ ብዘይ ንሕስያን ብዘይፍርድን: ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጕኖም። ንኤርትራ ንመዋእል ከምዘይተቓለሱላ ድማ: ገሊኦም ኣብ ቤት-ማእሰቲ ተሰዊኦም። ገሊኦም ኣካላቶም ለሚሶም። ገሊኦም ድማ ብሕማም ማሲኖም ዓሕ! ኣናበሉ ባህርያዊ ሞቶም ይጽበዩ ኣለው። ኣብዚ'ውን እቲ ምንቅስቓሶም መሰረታዊ መልስን ፍታሕን ስለዘይረኸበ: ሓቑቑ ተሪፉ ማለት ኣይኮነን።

7. ድሕሪ ምእሳር ብጕጅለ ጂ-15 ዝፍለጡ መራሕቲ ወታሃደራትን ሚኒስተራትን: ኣምባሳደራትን: ኣብ ዝልዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ዝነበሩ ገዳይም ተቓለስትን ምሁራትን ድማ: ዛጊት ብድሕሪ 18 መስከረም 2001 ዓ.ም. ኣብ ወጻኢ ኮይኖም ክቃለሱ ምስተበገሱ: ቆንስል ኮይና ኣብ ሃገር ስዊድን ተገልግል ዝነበረት ወይዘሮ ህብረት: "ነዚ ስርዓት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክንምክቶ እንተድኣ ኰንናን: ብሓቂ ድማ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ ከነምጽእ ንደሊ ኰንና: ኣብ ታሕቲ ወሪድና: ማለት ኣብ ሓፋሽ ውድባት ኣቲና: ነቲ ምስጢር ኢሰያስ ነፍሽሎ" ምስ በለት: ሰማዒ ስኢና ካብቲ ምንቅስቓስ ደስኪላ። ብድሕሪ ምድስካል ወይዘሮ ህብረት: ካብቶም ነቲ ምንቅስቓስ ዝጀመሩ: ጀነራል መስፍን ሓጐስን: ኣምባሳደር ኣድሓኖም ገብረማርያምን: ኣምባሳደር ዓብደላ ኣደምን: ብውህደት ኮይኖም ኣብ ውሽጢ ሓፋሽ ውድባት ሰሊኾም ብትብዓት ዝቃለሱ: ጕጕጅልኦም ሒዞም ድሕሪ ምፍንጫል: ምስተን ውድባት ተ.ሓ.ኤ. ክጽንበሩ መሪጾም። ክሳብ ሎሚ ድማ ኣብ ውሽጦም ኣእዳው ዓፋኒ ጸጥታዊ ስርዓት ኢሰያስ ግዲ ኣትዩዎም ኰይኑ። ኣድማዒ ሓይሊ ከይኣጥረዩ: ሰለስተ ዝተፋላለየ ኣስማት ሒዞም ንቃለስ ኣሎና ይብሉ ኣለው። ስልጣን ኢሰያስ ግን ዓገብ ዝብሎ ጥርኑፍ ሓይሊ ስለዘይረኸበ: ካብቲ ዝነበሮ ዕድመ ኣናተናውሐ ክሳብ ሎሚ ይቕጽል ኣሎ። ነዚኦም'ውን ኣቶም ኣብ ኤርትራ: ብሓቂ መሰረታዊ ለውጢ ክመጽእ ዝደልዩ ደቂ ሃገር: ስለዘለለዩዎም እቲ ቃልሲ በዚ ትዓጊቱ ኣይተርፍን'ዩ።

*መደምደምታ*

እቶም ካብ እዋን "ኣዕናዊ ምንቅስቓስ" ዝጀመረ መሰረታዊ ሕቶታት: ብዉልቅን ብእኩብን ከልዕሉ ዝጸንሑ ጀጋኑ ገዳይም ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብስዉርን ብግሁድን በቶም ዓፈንቲ-ጕጅለ ኢሰያስ: በብውልቀ "ብኽድዓትን ብብልሽውናን" እንዳተወንጀሉን ጸለመ እንዳተኻየደሎምን: ክሳብ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ሰራዊት ክርሽኑን: ኣብ መዳጎኒ ማዓስከራት ክዳጐኑን ጸኒሖም'ዮም። ኮይኑ ግን እቶም ዘይሕለሉን: ገና ብህይወቶም ዓሕ! ኣናበሉ: ክሳብ ሕጂ ብስለላ መርበብ ተኸቢቦም: ከም ጅሆ ተታሒዞም ዘሎው ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ: ኵነታት ኤርትራ ዝኸዶ ዘሎ ንሓዋሩ ክጻወርዎ ከምዘይክእሉ ስለዝተገንዘቡ: ንመሰሎምን መሰል ህዝቦምን ክብሉ: ካብ መሪሕነት ጉጅለ ኢሰይያስ ኣፍወርቂ ንምግልጋል: ለውጣዊ ጠለባቶም እናልሓመ: ካብቲ ቍጽጽር ዓፋኒ ስርዓት ኢህግዲፍ ወጻኢ ኮይኑ ይርኤ ከምዘሎ: ድሮ ብዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ኤርትራዉያን: ሓበሬታታት ይነፍስ ኣሎ።

ስለዚ እዚ ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ: ውልዕ-ጥፍእ እናበለ ክመጽእ ዝጸንሔ እዋናዊ ምንቅስቓስ'ዚ: ሎሚ'ውን ብኢሰያስን ኰራኹሩን በርዒኑ ከይተርፍ: ኣብ ጎድኒ'ቲ ብጥሜትን ዓፈናን ማሲኑ ዘሎ ህዝብኹምን: ኣብ ጎድኒ'ዛ ንኹሉ ሓደጋ ተሳጢሓ ዘላ ሃገርኩምን ደዉ ክትብሉ ህዝቢ ኤርትራ ሓደራ ይብለኩም ኣሎ። እዋናዊ ምልዕዓል ሓርበኛታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ: መቓጸልታ ዝሓለፉ መስርሕ ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራን: ሕድሪ ስውኣትን ስለዝኾነ: በቲ ብማዓር ዝተሸፈነ መርዛም ናእዳን ዘይፍጸም መብጽዓን: ዘንባዕ ምኽኒትን ጉጅለ ህግደፍ ከይተታለልኩም: ሕጂስ ይኣክል! ብምባል: ዝናርኩምን ሕዛብኩምን ሸጥ ኣቢልኩም: ታሪኽ ንኽትገብሩ ኩሉ ደላይ ሰላምን ፍትሕን ኤርትራዊ: ተዓወቱ! ኣጆኹም! ከም ኣመልኩም ታሪኽ ግበሩ! ኣብ ጐንኹም ኣሎና! ይብለኩም ኣሎ።

ዓወት ንሓርበኛታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ!
ህዝቢ ኤርትራ ንስርዓት ኢ.ህ.ግ.ዲ ፍ. ከድግመሉ'ዩ!